

Ministerie van Sociale Zaken en
Werkgelegenheid

# እምነ-ኩርናዕ ማሕበረሰብ ኔዘርላንድ

20 ለካቲት 2014

# ትሕዝቶ

ምእተዊ 3

ናጽነት 6

ማዕርነት 9

ጥምረትን ስራሕን 11

# መእተዊ

**ኣብ’ዛ ንእሽቶ መጽሓፍ፡ ብዛዕባ’ቶም መሰረት ሕብረተሰብ ኔዘርላንድ ዝኾኑ ልምድታት ከተንብቡ ኢኹም። ነዚ ጽሑፍ ምስ ኣንበብኩም፡ ኣብ ኔዘርላንድ ሰባት ብኸመይ ኣገባብ ብሓባር ተሳኒና ንነብር ክትፈልጡ ኢኹም። ምናልባት ነዞም ልምድታት ድሮ ትፈልጥዎም ትኾኑ። ምናልባት’ውን፡ ሕብረተሰብ ኔዘርላንድ ካብ’ቲ ንስኹም ዝመጻኽሙሉ ሕብረተሰብ ኣዝዩ ዝተፍልየ ክኸውን ይኽእል። እዛ ንእሽቶ ጽሕፍቲ፡ በዛዕባ እቶም ኣገደስቲ ልምድታት፡ ማሕበራዊ ሕግታትን መሰላትን ኣብ ሃገረ ኔዘርላንድ ሓበሬታ ሓቂኣ ትርከብ። ነዚኦም ምፍላጥ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ኔዘርላንድ ንኽትሳተፉ ይሕግዘኩም።**

ኣብ’ዛ ጽሕፍቲ ብዛዕባ ናጽነት፡ ማዕርነትን ጥምረትን ከተንብቡ ኢኹም። ኣዚኣቶም፡ እምነ-ኩናዕ ልምድታት ናይ ሕብረተሰብና እዮም። ትርጉም ናይ’ዞም ልምድታት እንታይ እዩ? እዞም ልምድታት ንማዓልታዊ ሂወትኩም ብኸመይ ይጸልዉ? ማሕበርሰብ ኔዘርላንድ ካባኹም እንታይ ይጽበ? ንስኹም ከ ካብ ማሕበረሰብ ኔዘርላንድ እንታይ ትጽበዩ?

## ደሞክራሲ

ኔዘርላንድ ደሞክርስያዊት ሃገር እያ። ኣብ ሓንቲ ደሞክራስያዊት ሃገር፡ ዜጋታት ኣብ ምሕደራ ናይ’ታ ሃገር ይሳተፉ። እቲ ናይ ተሳትፎ መንገዲ ምርጫ እዩ፡-: ኩሉ ልዕሊ 18 ዝዕድሚኡ ዜጋ፡ ክምረጽ ወይ ክመርጽ ይኽእል።

እቲ ዝካየድ ምርጫ ናጻን ስቱርን ይኸውን። ኣዚ ማለት፡ ኩሉ ሰብ ክመርጽ መሰሉ ዝተሓለወ ኮይኑ፡ ንመን ከም ዝመረጸ ክነግር ኣይግደድን። ነፍሲ ወከፍ ኣርባዕተ ዓመት፡ ናይ ባይቶ፡ ናይ ምምሕዳር ከምኡ’ውን ናይ ዞባታት ምርጫ ይካየድ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሓሙሽተ ዓመት ድማ፡ ናይ ባይቶ ሕብረት ኤውሮጳ ምርጫ ይካየድ።

ካብ ውሽጢ ሕበረት ኤውሮጳ ዝመጹ ወጻእተኛታት፡ ኣብ’ቲ ዝነብርሉ ምምሕዳር ዝግበር ምርጫ ባይቶ ምምሕዳር ክሳተፉ ይኽእሉ። ብዘይካ’ዚ፡ ኣብ ምርጫ ባይቶ ኤውሮጳ ይሳተፉ። ካብ ሕብረት ኤውሮጳ ወጻኢ ዝመጹ ወጻእተኛታት ግን፡ ኣብ ምርጫ ናይ ባይቶ ምምሕዳር ክሳተፉ ዝኽእሉ፡ ኣብ’ዛ ሃገር ሓሙሽተ ዓመት ምስ ዝነብሩ ጥራሕ እዮም። ኣብ ናይ ባይቶ መንግስቲ ምርጫን ናይ ዞባታት ናይ ናይቶ ምርጫን ክሳተፉ ዝኽእሉ ድማ ናይ ኔዘርላንድ ዜግነት ዝሓዙ ሰባት ጥራሕ እዮም። ብዘይካ’ዚ፡ ክመርጹ ዝኽእሉ ሰባት፡ ንዘተፈላለዩ ውክልና ክምረጹ መሰል ኣለዎም።

## ግዝኣተ ሕጊ

ኣብ ኔዘርላንድ ግዝኣተ ሕጊ ኣሎ። እዚ ማለት፡ ኩሉ ሰብ ማዕረ መሰላት ዘለዎ ኮይኑ፡ ነፍስ ወከፍ ሰብ ብሕግታት ክግዛእ ግቡእ ኣለዎ። መንግስቲ ከይተረፈ ከማን ሕግታት ኣኽቢሩ ክኸይድ ኣለዎ። መንግስቲ ብዝወሰዶ ስጉምቲ እንተዘይተሰማማዕኩም፡ ተቓውሞኹም ከተቕርቡ ወይ’ውን ነቲ ውሳኔ



*እምነ-ኩርናዕ ማሕበረሰብ ኔዘርላንድ*

ዝወሰደ ትካል መንግስቲ ኣብ ቤት ፍርዲ ክትከሱ ትኽእሉ። መንግስቲ፡ ውሳኔ ቤት ፍርዲ ክቕበል ግቡእ ኣለዎ። ብተወሳኺ፡ ናብ ሃገራዊ ጸራጊ ንብዓት (ኦምብድስማን) ጥርዓን ከተቕርቡ ትኽእሉ። ንሱ'ውን ነቲ ጥርዓን ዘቕረብክሙሉ ጉዳይ ይምርምር።
ቅዋም እዛ ሃገር፡ መሰረት ናይ ግዝኣተ ሕጊ እዩ። ኣብ'ቲ ቅዋም፡ መሰላትን ግቡኣትን ናይ መንግስትን ዜጋታትን ተዘርዚሮም ኣለዉ። ገለ ካብ'ቶም ኣብ'ቲ ቅዋም ተገሊጾም ዘለዉ መሰላትን ግቡኣትን፡ ናጽነት፡ ማዕርነትን ሓድነትን እቶም ኣዝዮም ኣገደስቲ እዮም። ብዘይካ'ዚ፡ ሃገረ ኔዘርላንድ ነቶም ንሰብኣዊ መሰል ዘኽብሩ ዓለም-ለኻዊ ውዕላት (ንኣብነት ኤውሮጳዊ ውዕል ንምኽባር ሰብኣዊ መሰላት) ክታማ ኣምቢራትሎም እያ።

## ማሕበራዊ መሰላት

ኣብ ሃገረ ኔዘርላንድ፡ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ናይ ናብርኡ ሓላፍነት ባዕሉ ይስከም። እንተኾነ፡ ብዝኾነ ምኽንያት ነብሱ ክኽእል ዘይክእል እሞ ሓጋዚ ዘይብሉ ሰብ፡ መንግስቲ ሓገዝ የበርክተሉ። እቲ ሓገዝ ን ኣብነት ንወጻኢታት ኽራይ ገዛ፡ መግብን ክዳንን ንምሽፋን ዝሕግዝ ፋይናንሳዊ ሓገዝ ክሽውን ይኽእል።

ናይ ጥዕና ክንክን ናይ ምርካብ መሰል'ውን ኣለኩም። ከም ዝኾነ ኣብ ኔዘርላንድ ዝነብር ሰብ ድማ፡ ናይ ጥዕና መድሕን ክትዕድጉ ግቡእ ኣለኩም። ናብ ሓኪም ምስ ትኸዱ ድማ፡ ዝበዝሐ ወጻኢታት ናይ እትረኽብዎ ክንክን ጥዕና በቲ ትካል መድሕን ይኽፈል።
ስራሕ ምስ ዘይህልወኩም ድማ፡ ንግዚኡ ካብ መንግስቲ ናይ ገንዘብ ድጎማ (ኣውትኬርን) ይግበረልኩም። ብሕማም ምኽንይት ክትሰርሑ ምስ ዘይትኽእሉ'ውን፡ ናይ ገንዘብ ድጎማ ይግበረልኩም።

ጽቡቕ ስራሕ ንምርካብ፡ ጽቡቕ ትምህርቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ሃገረ ኔዘርላንድ፡ ትምህርቲ ኣገዳስነቱ ዕዙዝ ስለዝኾነ፡ ናይ ትምህርቲ ግቡእ ኣሎ። ኣብ ክሊ ዕድመ ሓሙሽተ ክሳብ ዓሰርተ ሽዱሽተ ዘለዉ ህጻናትን መንእሰያትን ናብ ትምህርቲ ናይ ምኻድ ግቡእ ኣለዎም። ብኽም'ዚ ኣገባብ፡ እቶም ህጻናት ኣብ መጻኢ ኣብ ሕብረተሰን ክሳተፉን ክሰርሑን ይቀራረቡ። ልዕሊ ዓሰርተ ሽዱሽተ ዝዕድሚኦም ትምህርቲ ዘይወድኡ መንእሰያት፡ ዕድሚኦም ክሳብ 18 ዝኸውን ናይ ትምህርቲ ግቡእ ኣለዎም።

## ማሕበረሰብ ኔዘርላንድ

ኣብ ኔዘርላንድ፡ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ኣብ ማሕበረሰብ እጃሙ የበርክት። ንኣብነት ቀረጽ ብምኽፋል። ኩሉ ሰብ ቀረጽ ናይ ምኽፋል ግቡእ ኣለዎ። ዝያዳ ኣታዊ ዘለዎም ሰባት ዝያዳ ቀረጽ ይኸፍሉ። መንግስቲ ድማ፡ ነቲ ነበርቲ ዝኸፍልዎ ቀረጽ ኣብ ንኹሉና ዘገድሱ ጉዳያት የውዕሎ። ንኣብነት ኣብ ምስራሕ ጽርግያታት፡ ትምህርትን ፖሊስን።

ኣብ ሃገርና፡ ዝተፈላለየ እምነት ዘልዎም ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝመጹ ሰባት ይነብሩ። ኣብ ስራሕኩም፡ ኣብ ዕዳጋ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝተፈላለየ ባህሊ ዘልዎም ሰባት የጓንፍኹም። እቲ ፍልልይ ብዘየገድስ፡ ኩሉ ሰብ ሓድሕዱ ክከባበር ኣገዳሲ እዩ።

ማሕበረሰብ ኔዘርላንድ ግሉጹነት ኣለዎ። ሰባት እቲ ዝሓስብዎ ክዛረቡ ምሉእ ናጽነት ኣለዎም። እዚ ማለት፡ ካባኹም ፍልይ ዝበለ ርእይቶ ዘለዎም ሰባት ርኢቶኦም ክገልጹ መሰሎም ሕሉው እዩ። ሓስባትን  ርኢቶታትን ምልውዋጥ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ምክኽንያቱ ብኸምዚ ኣገባብ ሰባት ገዛእ ርእሶም ክኾኑ ይኽእሉ።



ዝኾነ ይኹን ሰብ ዝተወሰነ ኣተሓሳስባ ክኽተል ኣይግደንን።

ኣብ ሃገረ ኔዘርላንድ፡ ኩሎም ነበርቲ ኣብ ሕብረተሰብ እጃሞም ከበርክቱ ትጽቢት ይግበረሎም። ንኣብነት ቋንቋ ብምምሃር፡ ስራሕ ብምስራሕ ወይ'ውን ናይ ወለንታ ኣበርክቶ እዳገብርካ ምስ ሰብ ምርኻብ።

ኣብ ሃገረ ኔዘርላንድ ኩሉ ሰብ ማዕረ ክብርታት ኣለዎ። ኣብ'ዚ ጽሑፍ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ኔዘርላንድ ዘለኩም መሰላትን ግቡኣትን ብግቡእ ተገሊጾም ኣለዉ።



# ናጽነት

ናጽነት ማለት፡ እቲ ትደልዮ ምሕሳብ፡ ምዝራብ ወይ ምግባር ማለት እዩ። ኣብ ኔዘርላንድ ብዙሕ ናጽነት ኣለና። እዚ ማለት፡ ካልኦት ሰባት'ውን ዝደልይዎ ክሓስቡ፡ ክዛረቡን ክገብሩን ይኽእሉ ማለት እዩ። ኣብ'ዚ ጽሑፍ፡ ኣቶም ኣገደስቲ ናጽነታት ተገሊጾም ኣለዉ።

## እምነት

ኣብ ኔዘርላንድ፡ እንታይ እምነት ክትክተል ትደሊ ባዕልኻ ትውስን።. ዝተፈላለየ እምነት ዘለዎም ሰባት፡ ብስኒት ብሓባር ይነብሩ። ዝኾነ ይኹን ሰብ፡  ብሰንኪ ኣምነቱ ብኻልእ ክፈራራሕ ወይ'ውን ክሻቐል የብሉን።

ናይ እምነት ናጽነት ማለት፡ ንኽይትኣምን'ውን ናጽነት ኣለካ ማለት እዩ። ኣብ ዝኾነ እዋን ነዚ ዝምልከት ውሳኔ ክትወስድ ትኽእል፡ ኣብ ውሳኔኻ ድማ ካልእ ሰብ ጽልዋ ክሕድር የብሉን። እዚ ናጽነት ንኻልኦት'ውን ከተኽብርሎም ኣለኩም፥ ካልኦት ሰባት ከም ናትካ እምነት ክህልዎም ከተገድድ የብልካን።  ሓደ ሰብ እምነቱ ደው  ክብል ምስ ዝውስን ድማ፡ ውሳኒኡ ከተኽብር ኣለካ። ዋላ ኸማን ምስ'ቲ ናይ'ቲ ሰብ ውሳኔ እንተዘይተሰማማዕካ።

ዝኾነ ይኹን ሰብ፡ እምነቱ ንኻልኦት ክርኢ መሰሉ ሕሉው እዩ። ናኣብነት ማዕተብ ብምግባር፡ ሃማኖታዊ ክዳን ብምውዳይ ወይ'ውን ናይ ገጽ መሸፈኒ መንዲል ብምውዳይ። ብሰንኪ ዘለኩም እምነት፡ ዝኾነ ዓይነት መግቢ ክትበልዑ እንተዘይደሊኹም፡ ክትግደዱ ኣይትኽእሉን። ሰባት ክጽልዩ ክትዕድሙ ተኽእሉ፥ ሓዲሽ እምነት'ውን ክትጅምሩ ትኽእሉ።

ኣብ ሓደ ሓደ ናይ ስራሕ ቦታታት ግን፡ እቲ ሞያ ብዝጠልቦ መሰረት ሰባት ሓደ ዓይነት ክዳን ክወድዩ ይኽእሉ። ንኣብነት ኣብ ውትድርና፡ ፖሊስ ወይ'ውን ቤት ፍርዲ። ኣባላት ፖሊስ፡ ኣብ ግዜ ስርሖም፡ ንእምነቶም ዝገልጽ ማዕተብ ኮነ መንዲል ክወድዩ ኣይፍቀደሎምን። ምኽንያቱ፡ ኣብ ስርሖም ዘይሻራውያን ኮይኖም ክረኣዩ ስለዘለዎም።

እምነትኩም ብዘየገድስ፡ ሕጊ ከተኽብሩ ግቡእ ኣለኩም።

## ሓሳብካ ናይ ምግላጽ መሰል

ኣብ ሃገረ ኔዘርላንድ፡ ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝመጹ ዝተፈላለዩ ሰባት ይነብሩ። ነፍሲ ወከፍ ሰብ፡ ሓሳቡ ናይ ምግላጽ መሰል ኣለዎ።  ኣብ ኔዘርላንድ፡ ዝደለኻዮ ክትሓስብ፡ ክትዛረብ ወይ ክትጽሕፍ ትኽእል። ደብዳቤ ናብ ግዜጣ ወይ'ውን ናብ መንግስቲ ክትጽሕፍ፡ ክትቃወም፡ ክትካታዕ ከምኡ'ውን መርገጺኻ ክትገልጽ መሰል ኣለካ።  እንተኾነ፡ ናይ ካልኦት ሰባት መሰል'ውን ኣብ ግምት ክትእቱ ኣለካ።



ኣብ ኔዘርላንድ፡ ዝተፍላለያ ናይ ቴሌቪዥን ቻነላት፡ ጋዜጣታትን መጽሄታትን ኣለዋ። መንግስቲ፡ ኣብ'ቲ ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ዝዝርጋሕ ሓበሬታ ዝኾነ ይኹን ጽልዋ የብሉን።

ንዘይትሳማምዕሉ ነገር ምዝራብ መሰል ኣለኩም። ርኢቶኹም ካብ ምግላጽ ዝዓግተኩም ዝኾነ ይኹን ሰብ የሎን። ዝበለጸ ውሳኔ ክውሰድ ዝኽእል፡ ናይ ዝተፈላለዩ ሰባት ሓሳብት ድሕሪ ምስማዕ ስለዝኾነ፡ እዚ ሓሳብካ ናይ ምግላጽ ናጽነት፡ ኣብ ኔዘርላንድ ኣዝዩ ኣገዳስነት ኣለዎ።

እንታይ ርእይቶ ይሃልኹም ብዘየገድስ፡ ሕጊ ከተኽብሩ ግቡእ ኣለኩም። እዚ ማለት ንኻልኦት ሰባት ኮነ ኢልካ ምክሽማሽ፡ ሕልንኦም ምጉዳእ፡ ጽልኢ ወይ ናዕቢ ምልዐዓል ፍጹም ኣይፍቀድን። ዶብ ናይ ሓሳብካ ምግላጽ ብንጹር ንኽትፈልጦ ኣዝዩ ኣሸጋሪ እዩ። ብዛዕባ እዚ ኣብ ኔዘርላንድ ብዙሕ ግዜ ይዝረብ ኣኳ እንተኾነ፡ ኣብ መጠረስታ ዝውስን ግን ዳኛ ጥራሕ እዩ።

ስለዚ፡ ሓሳብኩም ክትገልጹ ሙሉእ ናጽነት ኣለኩም። ንኹሉ ብማዕረ ስለ ንሰርያ ድማ፡ *ኩሉ ሰብ* ሓሳቡ ክገልጽ ይኽእል። ንስኹም ዘይትስማምዕሉ ነገር ወይ'ውን ንዓኹም ዝጎድእ ነገር ካልእ ሰብ ክዛረብ ይኽእል እዩ ማለት እዩ። ሓሳብካ ናይ ምግላጽ መሰል፡ ክለተ ገጻት ኣለዎ ማለት እዩ። ኩሉ ሰብ ሓሳቡ እንተደኣ ክኢሉ፡ ገለ ሰብ በቲ ሓሳብ ክጽረፍ ይኽእል እዩ ማለት እዩ። እንኾነ፡ ሓሳብካ ናይ ምግላጽ መሰል፡ ደስ ዝበለካ ክትዛረብ ትክእል ኢኻ ማለት ኣይኮነን።

እንተደኣ ኣብ ልዕሌኹም ኣድልዎ ዝገብር ወይ'ውን ንዓኹም ዝጸርፍ ዘረባታት ሰሚዕኩም፡ ኣብ ትካል ኣንጻር ኣድልዎ ይግባይ ክትብሉ ትኽእሉ። ዳኛ ድማ፡ እቲ ዝተዘርበ ነገር፡ ብገበን ይሕተት ድዩ ኣይሕትትን ውሳኔኡ ይህብ። ገለ ገለ ዘረባታት ዝተኸልከሉ እዮም። ንኣብነት ንሰባት ኣብ ካልኦት ሰባት ክዕምጹ ከተላዓዕል ኣይፍቀድን። ብተወሳኺ፡ ናዕቢ ዘለዓዕሉ ዘረባታት'ውን ኣይፍቀድን እዮም።

## ናይ ሂወት ምርጫ

ኣብ ኔዘርላንድ ሰባት እንታይ ዓይነት እምነት ክኽተሉ ይደልዩ ባዕሎም ይመርጹ። ከምኡ'ውን፡ ናይ ባዕሎም ናይ ሂወት ምርጫ ክገብሩ መሰሎም ሕሉው እዩ። እዚ ማለት፡ እንታይ ዓይነት ሙዚቃ ትሰምዑ፡ እንታይ ዓይነት ክዳን ትወድዩ፡ እንታይ ዓይነት ስራሕ ትሰርሑ፡ ኣየናይ ጋዜጣ ተንብቡ ባዕልኹም ትውስኑ።

ኣብ'ዚ እንተኾነ'ውን ገለ ዕቃበታት ኣሎ። ኣባላት ፖሊስ ዘይሻራውያን ክኾኑ ኣለዎም። ገለ ትካላት ድማ፡ ናይ ባዕለን ንምውቃጥ ኣካልት ዝምልከት ሕግታት ኣለወን። ንሳተን ንኣብነት፡ ሰራሕተኛታተን ዝርአ ናይ ኣካላት ውቃጦ ኮነ ኩትሻታት ክወድዩ ከምዘይብሎም ሕጊ የውጽኣ። እዚ ዝግበረሉ ምኽንያት፡ ንድሕነት ተባሂሉ ወይ ድማ ስርዓቱ ዝሓለወ ኮይኑ ስለዘይራኣየን ይኸውን። ካልኦት ሰባት እንታይ ዓይነት ናይ ሂወት ምርጫ ትኽተል ክውስኑልካ ኣይክእሉን። ጎረቤትካ፡ ካብ ናትካ ዝተፈልየ ናይ ሂወት ምርጫ ወይ እምነት፡ ወይ'ውን ካልእ ዓይነት ቅዲ ኽዳን ክኽተል ኮነ ዝተፈልየ ሙዚቃ ክሰምዕ ይኽእል። ብዙሓት ሰባት ካብ ናትና ካልእ ኣተሓሳስባ ክህልዎም ከምዝኽእል እንተደኣ ተቀቢልና፡ ከምኡ'ውን ነናይ ሓድሕድና ድሌታት ኣብ ግምት እንተደኣ ይእቲና ጥራሕ ኢና ኣብ'ዛ ሃገር ብስኒት ብሓባር ክንነብር ንኽእል።

ልክዕ ከም'ቶም ካልኦት ናጽነታት፡ ጎረቤትካ ዘለዎ ናጽነት'ውን ድረት ኣለዎ። ንኣብነት፡ ጎረቤትካ ለይቲ ምድሪ ሙዚቃ ዓው ኣቢሉ ክህውኽካ መሰል የብሉን።

## ሓሳብካ ናይ ምግላጽ መሰል?

ሓንቲ ጋዜጠኛ፡ ኣብ ሓንቲ ሃገር ዘሎ ምግሃስ ሓሳብካ ናይ ምግላጽ ናጽነት ኣመሊኪታ ሓንቲ ጽሑፍ ኣቕሪባ። ካብ'ታ ሃገር ዝመጹ ገለ መንእሰያት፡ በቲ ጽሑፍ ከምዝተጸርፉ ጌሮም ወሲደሞ። ብ ኢንተርነትን ትዊተርን ኣቢሎም ድማ፡ ነታ ጋዜጠኛ ጸርፍን መፈራርሕን ክሰዱላ ጀመሩ። ልዕሊ ሓደ ሽሕ ዝኸውን ዝጸርፍን ዘፈራርሕን መልእኽትታት በጺሕዋ። እታ ጋዜጠኛ፡ ነዚ ዝምልከት ክሲ መስሪታ።

ኩሉ ሰብ ሓሳቡ ናይ ምግላጽ መሰል'ኳ እንተሃለዎ፡ ቃሕ ዝበለካ ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ ማለት ኣይኮነን። ንኣብነት ጽልኢ ኮነ ናዕቢ ምልዕዓል ፍጹም ኣይፍቀድን።

ካልእ ኣብነት: ቅድሚ ገለ ዓመታት፡ ፖሊስ ንሓደ ሰኣላይ ኣሲረሞ። ምኽንያቱ ኣማኢት ሰባት ነዚ ሰኣላይ ስለዝኸሰስዎ። ንሱ፡ ናይ ነብይ መሓመድ ስእሊ ስኢሉ ኣብ ኢንተርነት ዝለጠፈ ሰብ እዩ። ብዙሓት ኣመንቲ ምስልምና ነቲ ናቱ ስእሊ ከም ጸርፊ ኣብ ልዕሊ ሃይማኖቶም ጌሮም ወሲደሞ። ንሱ፡ ኣብ ልዕሊ ኣመንቲ ምስልምና ኣድልዎ ዝገብርን ንጸለምቲ ቆርበት ዘለዎም ሰባት ዘናሹን መልእኽቲ ኣብ ኢንተርነት ስለዝለጠፈ ብፖሊስ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዝኣቱ ትጌሩ። እቲ ሰኣላይ፡ ኣብ ሓሳብካ ናይ ምግላጽ መሰል ዝኣምን ኮይኑ፡ ኣብ ምስልምና ዘለዎ ርእይቶ ብስእልታቱ ኣቢሉ ይገልጽ ኔሩ።

ሓደ ሰኣላይ፡ ስእልታቱ ኣብ ኢንተርነት ኮነ ኣብ ጋዜጣ ንምዝርጋሕ፡ ኣቐዲሙ ፍቓድ ክሓትት ኣየድልዮን እዩ። ዶቡ ጥሒሱ ድዩ ኣይጠሓሰን ዳኛ ጥራሕ እዩ ዝውስን። ኣብ'ዛ ኣብነት፡ ዳኛ እቲ ሰኣላይ ዶቡ ከምዘይጠሓሰ እዩ ውሳኒኡ ሂቡ።

## ማሕበር

ኣብ ኔዘርላንድ ከይተጋየሽኩም ክትነብሩ፡ ካልኦት ሰባት ተፋሊጥኩም ኣብ ሕብረተሰብ ክትሳተፉ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ንኣብነት ኣባል ናይ ስፖርት ማሕበር ክትኮኑ ትኽእሉ፡ ኣብ ናይ ከባቢ መዛናግዒ ክትከዱ ወይ'ውን ትምህርቲ ክትከታተሉ ትኽእሉ። ብኸምዚ ኣገባብ፡ ከም ናትኩም ዝምባሌታት ዘለዎም ሰባት ክትፋለጡ ትኽእሉ።

ኣብ ኔዘርላንድ፡ ባዕልኹም'ውን ማሕበር ክትምስርቱ ትኽእሉ ኢኹም። ንኣብነት ናይ ስፖርት ማሕበር፡ ናይ ሰራሕተኛታት ማሕበር፡ ፖለቲካዊ ሰልፊ ወይ'ውን ናይ ተወላዶ ናይ'ቲ ዝመጻኽሙሉ ሃገር ማሕበር ክትምስርቱ ትኽእሉ። ብመንገዲ ማሕበር ወይ'ውን ፖለቲካዊ ሰልፊ ኣቢልኩም ድማ፡ ድምጽኹም ከተስምዑ ትኽእሉ። ስለዚ እዩ ድማ፡ ኣብ ሓደ ደሞክርስያዊ ማሕበረሰብ፡ ሰባት ብማሕበራት ክጥርነፉ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነሉ ምኽንያት። ኣብ ማሕበር ብሓባር

ብምስራሕ፡ ሰባት ትፋለጡ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ፖለቲካ’ውን ጽልዋ ክህልወኩም ይኽእል።

ኩሉ ማሕበርተኛ ሕጊ ኣኽቢሩ ክኸይድ ከምዘለዎ ርዱእ እዩ። እንተደኣ ማሕበርተኛታት ሕጊ ዘየኽብሩ ኮይኖም፡ ዳኛ ነቲ ማሕበር ከፍርሶ ይኽእል። ንኣብነት፡ ጎነጽ ምጥቃም ኣይፍቀድን።

ኣብ ኔዘርላንድ፡ ምስ ካልኦት ሰባት ብሓባር ብምዃን ሰላማዊ ሰልፊ ክትገብሩ ትኽእሉ። ሰላማዊ ሰልፊ ተቓውሞኻ ተስማዓሉ መድረኽ እዩ። ሰላማዊ ሰልፊ ብምክያድ፡ ርኢቶኹም ከተስምዑ ትኽእሉ።

ሰላማዊ ሰልፊ ከተካይዱ ምስ እትደልዩ፡ ፈለማ ንምምሕዳር ክትሕብሩ ኣለኩም። ምምሕዳር፡ እቲ ከተቕርብዎ ዝደለኹም ዛዕባ ስለዘይተሰማማዓሉ ጥራሕ ነቲ ሰልማዊ ሰልፊ ክኽልክል መሰል የብሉን። እንተኾነ፡ ሰላማዊ ሰልፊ ዝፍቀድ፡ ሓደገኛ ሳዕቤን ምስ ዘይህልዎን፡ ንተሸከርከርትን ጥዕናን ኣብ ጸገም ዘይእቱ ምስ ዝኸውን ጥራሕ እዩ። ሰልፈኛታት ነዚ ሕጊ ኣንተዘይእኽቢረሞ፡ ፖሊስ ጣልቃ ብምእታው ነቲ ሰላማዊ ሰልፊ ደው ከብሎ ይኽእል።

## ዕጫኻ ባዕልኻ ምውሳን

ኣብ ኔዘርላንድ፡ ንሂወትካ ዝምልከቱ ምርጫታት ባዕልኻ ትውስን። እዚ፡ ዕጫኻ ባዕልኻ ናይ ምውሳን መሰል ተባሂሉ ይጽዋዕ። ንኣብነት፡ እመንት ክህልወኩምን ዘይክህልወኩምን ባዕልኹም ትውስኑ። ናይ ኣነባብራ ኣገባብኩም ባዕልኹም ትውስኑ። መጻምድትኹም ባዕልኹም ብናጻ ትውስኑን ዘለኩም ስጋዊ ዝንባለታት ክትክተሉ ድማ መሰልኩም ሕሉው ይኸውን። እዚ፡ ዕጫኻ ባዕልኻ ናይ ምውሳን መሰል እምበኣርከስ ሰፊሕ ኮይኑ፡ ዜጋታት ዘልዎም ብዙሓት ናጽነታት ዝሓቆፈ እዩ።

ዕጫኻ ባዕልኻ ናይ ምውሳን መሰል ተጠቂምካ ንኣካልካ እንታይ ትገብሮ ባዕልኻ ትውስን። ዝኾነ ይኹን ሰብ ብዘይ ድሌትኩም ክትንክፈኩም ኮነ ክጎድኣኩም መሰል የብሉን። ሓኪም ከይተረረፈ፡ ብዘይ ድሌትኩም ክምርምረኩም መሰል የብሉን።

ነዚ መሰል ግን ገለ ገለ ብሕጊ ዝተወሰኑ ዕቃበታት ኣለዎ። ኣባላት ፖሊስ ንኣብነት፡ ኣብ ገለ ኩነታት ዘይሕጋዊ ኣጽዋር ኣለኩም ድዩ የብኩምን ንምፍላጥ ክፍትሸኩም ይኽእል። ብትመሳሳሊ፡ ፖሊስ መራሕቲ መኪና ኣልኮላዊ መስተ ሰትዮም ኣለዉ ዶ የለዉን ንምፍላጥ ምርመራ ከካይደሎም ይኽእል።

ካልኦት ንኣካላትኩም ዝምልከቱ ውሳኔታት ባዕልኹም ክትወስዱ ዘለኩም መሰላት’ውን ኣለዉ። ንኣብነት፡ ደቂ ኣንስትዮ ጥንሲ ክንጽላ መሰል ኣለወን። ብተወሳኺ፡ ክሓዊ ዘይክእል ኣሰቃዪ ሕማም ዘለዎም ሰባት ብሓገዝ ሓኪም ሂወቶም ከጥፍኡ መሰል ኣለዎም።

ዋላ’ኳ ብሓገዝ ሓኪም ነብስኻ ምሕላፍን ምንጻል ጥንስን ኣብ ኔዘርላንድ ፍቑድ እንተኾነ፡ እዞም ኣርእስቲ ኩሉ ሳዕ ኣካታዕቲ ጉዳያት እዮም። ፖለቲካዊ ሰልፍታት፡ ኣብ’ዚ ጉዳይ ዝተፈላለየ ርእይቶ ኣለወን።



# ማዕርነት

ኩሎም ሰባት *ማዕረ* እዮም። ማዕርነት ማለት ኩሉ ሰብ ሓደ እዩ ማለት ኣይኮነን። ምኽንይቱ ሰባት ዝተፈላለዩ ክኾኑ ስለዝክእሉ። አንተኾነ ግን፡ ኩሎም ሰባት ማዕረ ክብሪ ኣለዎም። ነፊስ ወከፍ ሰብ ድማ፡ ብማዕረ ክረአ ኣለዎ።

## ንሰባት ብማዕረ ናይ ምርኣይ ግቡእ

ኣብ ኔዘርላንድ፡ ሰባት ኣብ ተመሳሰሊ ኩነታት ማዕረ ኣተሓሕዛ ኣለዎም። እዚ፡ ናይ ማዕርነት መሰል ተባሂሉ ይፍለጥ። ሰብኣይ ዲኻ ሰበይቲ፡ ጾታዊ ስጋዊ ዝምባለኻ ኣብ ኣንጻርካ ጾታ ድዩ ወይ ኣብ ከም ናትካ ጾታ፡ ዓቢ ዲኻ ንእሽቶ፡ ኣብ ኔዘርላንድ ዲኻ ተወሊድካ ኣብ ካልእ ሃገር ብዘየገድስ ብማዕረ ትስራዕ። ማዕርነት፡ ኩሉ ሰብ ብሓደ ዓይነት ሕግታት ክግዛእ ኣለዎ ማለት'ውን እዩ። ንኣመንቲ ክርስትና፡ ወይ እስልምና ወይ ተኸተልቲ ካለእ እምነት ጥራሕ ዝምልከት፡ ወይ'ውን ንደቂ ኣንስትዮ ኮነ ኣብ ከም ናቶም ጾታ ስጋዊ ዝምባለ ዘልዎም ሰባት ጥራሕ ዝምልከት ሕጊ የሎን። ማዕርነት ዝህሉ ግን፡ ኣብ ተመሳሳሊ ኩነታት ጥራሕ እዩ።

ኣስራሕቲ፡ ንደቂ ኣንስትዮ፡ ነፈ ጾራት ስለዝኾና ወይ'ውን ቆልዑ ስለዘለወን ብፍሉይ ክሕዝወን የብሎምን። ጓል ኣንስተይቲ፡ ካብ ወዲ ተባዕታይ ዝተሓተ ደሞዝ ክትክፈል የብላን። ኣብ ደኺኩን'ውን እንተኾነ ንኣብነት፡ ሰባት ዕድሚኦም ስለ ዝበዝሐ ጥራሕ ካብ ስራሕ ክስጉጉ የብሎምን።

መበቆልኩም እንታይ እዩ ኣገዳሲ ኣይኮነን። ሰብ ካብ ዝመጸ ይማጻእ፡ ኩሉ ሰብ ብማዕረ ናይ ምርኣይ መሰል ኣለዎ። እዚ ማለት፡ ስራሕ ናይ ምርካብ መሰልኩም ምስ'ቲ ኣብ ኔዘርላንድ ዝተወልደ ሰብ ማዕረ እዩ ማለት ኣዩ።

ናይ ኣካል ወይ ናይ ኣእምሮ ስንክልና ዘልዎም ሰባት ኣብ ሕብረተሰብ ክዋስኡ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። በዚ መስረት፡ ማዕረ ኩሉ ሰብ መሰል ናይ ስራሕ ክህልዎም ኣለዎ። ዝኾንነ ይኹን ሰብ ስንክልና ስለዘለዎ ዝኽእሎ ስራሕ ክንፈን ኣይግባእን። ኣገዳሲ እንተኾይኑ፡ እቲ ትካል፡ ፍሉይ ናይ መስርሒ ቦታ ከዳልወሉ ኣለዎ።



# ምኽልካል ኣድልዎ

ኣብ መዓልታዊ ሂወትኩም፡ ዝተፈላለዩ ኣድልዎ ከጋጥምኹም ይኽእሉ። ንኣብነት ገለ ኣስራሕቲ ካብ ሓደ ፖላንዳዊ ወይ ወዲ ሱሪናም፡ ሓደ ሆላንዳዊ ክቆጽሩ ይመርጹ።. ደቂ ተባዕትዮ፡ ብሰንኪ መበቆሎም ኣብ ሓደ ሓደ መዛናግዒ ቦታታት ንኸይኣትዉ ይኽልከሉ። እዚ ግን ፍጹም ቅቡል ኣይኮነን።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ኣንጻር ጾታ ስጋዊ ዝምባለ ዘለዎምን ኣብ ከም ናቶም ጾታ ስጋዊ ዝምባለ ዘለውምን ብማዕረ ይስርዑ። ኣብ ከም ናቶም ጾታ ስጋዊ ዝምባለ ዘለዎም ሰባት፡ ከም ዝኾነ ይኹን ሰብ ማዕረ ዕድላት ኣለዎም፡ ናቶም ማሕበር ክምስርቱ ይኽእሉ ወይ'ውን ምስ ከምኦም ጾታ ቃል ኪዳን ክኣስሩ ይኽእሉ። ኔዘርላንድ ሓደ ዓይነት ጾታ ዘልዎም ሰባት ክምርዓዉ ዘፍቀደት ካብ ዓለም ናይ ፈለማ ሃገር እያ።

ብሕጽር ዝበለ፡ ኣድሎዎ ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ፍጹም ቅቡል ኣይኮነን።ብሰንኪ እምነትካ፡ መቦቆልካ ወይ'ውን ናይ ሂወት ምርጫታትካ ኣድልዎ ክጋጥመካ የብሉን። ንስኹም'ውን እንተኾነ፡ ንኻልኦት ሰባት ብሰንኪ እምነቶም፡ መቦቆሎም ወይ'ውን ናይ ሂወት ምርጫታቶም ኣድልዎ ክትገብርሎም የብልኩምን።

ኣብ ስራሕ፡ ኣብ መዛናግዒ ቦታታት ኮነ ኣብ ካልእ ኣጋጣሚታት ኣብ ልዕሌኹም ኣድልዎ ዝወረደ ኾይኑ ተሰምዒኩም? ኣብ ትካል ኣንጻር ኣድልዎ፡ ናብ ፖሊስ ወይ ድማ ናብ ሽማግለ ኣንጻር ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ክትሕብሩ ትኽእሉ።

- ትካል ኣንጻር ኣድልዎ. ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.discriminatie.nl ተመልከት
- ብተወሳኺ ነዚ ናይ ሓበሬታ መርበብ ተወከስ: www.rijksoverheid.nl/onderwerpen/discrimina-tie/aangifte-doen-van-discriminatie
- www.mensenrechten.nl



# ሓድነትን ስራሕን

ሓድነት እንታይ ማለት እዩ? ሕድነት ማለት ካልኦት ሰባት ኣብ ግምት ምእታው፡ ካልኦት ሰባት'ውን ሓቢሮም ምሳና ይነብሩ ከምዘለዉ ምፍላጥ ማለት እዩ።

## ሓድሕድ ምትሕግጋዝ

ኔዘርላንድ፡ ካብ'ተን ዝሃብተማ ሃገራት ናይ ዓለም ሓንቲ እያ።. ሰባት ኣብ'ዚ ናብርኦም ንምምሕያሽ እኹል ናጽነትን ዕድላትን ይውንኑ። ከም ሓቂ፡ ሓደ ሓደ ገና ዘይተፈትሑ ጸገማት የለዉን ማለት ኣይኮነን። እንተኾነ፡ ብሓፈሻ ብዙሓት ጉዳያት ብጽቡቕ ይኸዱ ኣለዉ።

ኣብ ኔዘርላንድ፡ ኩሉ ሰብ ቀረጽ ይኸፍል። ዝበዝሐ ኣታዊ ዘልዎም ካብ'ቶም ዝዋሓደ እቶት ዘልዎም ዝላዓለ ቀረጽ ይኸፍሉ። በቲ ዝኽፈል ቀረጽ ድማ፡ ጽርግያታትን ኣብያተ ትምህርትን ይስርሑ፡ ፖሊስ ድማ ኣብ ጽርግያ ጸጥታ ከምዝሕልዉ ይግበር። እንተኾነ፡ መንግስቲ ንኹሉ ጉዳያት ባዕሉ ክኣልዮ ኣይክእልን። በዚ መሰረት ድማ፡ ሰባት ሓድሕድ ክተሓጋገዙ ኣዝዩ ኣገዳሲ ይኸውን።

ብዙሓት ሰባት ኣብ ኔዘርላንድ ናይ ወለንታ ስራሕ ይሰርሑ። ንኣብነት ኣብ ናይ ስፖርት ክለብ፡ ኣብ መእለዪ ቦታ፡ ወይ'ውን ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ። ገለ ሰባት ድማ ኣብ ገዛኦም ንኻልኦት ሰባት ይኣልዩ።

## ናይ ምህላው ውሕስነት

ንኽትነብሩ እኹል ገንዘብ ክህልወኩም ባዕልኹም ሓላፍነት ትስከሙ። ምጽሓፍን ምዝራብን ቋንቋ ሆላንድ ኣብ'ዚ ክሕግዘኩም ይኽእል። ነዚ ቋንቋ ብግቡእ እንተዘይመሊኽክሞ፡ ናይ ቋንቋ ስልጠና ክትወስዱ ትኽእሉ። ስራሕ ምርካብ እንተኣጸጊሙኩም ድማ፡ ንስድራኹም፡ ይዕሩኽትኹም ወይ ድማ ንትካላት ክትሓቱ ትኽእሉ። ነብስኹም ባዕልኹም ክትኣልዩ ምስ ዘይትኽእሉ ጥራሕ እዩ መንግስቲ ክሕግዘኩም ዝኽእል። ንኣብነት ብሰንኪ ሕማም ክትሰርሑ ምስ ዘይትኽእሉ፡ ወይ'ውን ካብ ስራሕ ተባሪርኩም እሞ ንመኽፈሊ ክራይ ገዛ ኮነ መግቢ እኹል ገንዘብ እንተዘይብልኩም መንግስቲ ክሕግዘኩም ይኽእል። ኣብ ከም'ዚ ኩነታት፡ እቲ ዝድለ ረቛሒታት ምስ ተማልኡ፡ ናይ ክራይ ገዛ ድጎማ፡ ወርሓዊ ገንዘብ፡ ከምኡ'ውን ናይ ጥዕና መድሕን ድጎማ ክግበረልኩም ይኽእል። በቲ ዝግበረልኩም ሕገዝ ድማ፡ ክራይ ገዛ ክትከፍሉ፡ ኣስፔዛ ክትገብሩ፡ ናይ ጥዕና መድሕን ክትከፍሉ ትኽእሉ።

## ስራሕ

ስራሕ ምስ ዝህልወኩም፡ ካብ'ቲ ብሕጊ ዝተወሰነ ደሞዝ ንታሕቲ ክትወስዱ ኣይትኽእሉን። መጠን እቲ ዝተሓተ ደሞዝ ናይ ሓደ ሰብ ንምፍላጥ ኣብ'ዚ መርበብ ሓበሬታ ተወከሱ http://www.rijksoverheid.nl/onderwerpen/minimumloon/vraag-en-antwoord/hoe-hoog-is-het-minimumloon.html. ዘስራሓኩም ሰብ ካብ'ቲ ተጠቒሱ ዘሎ ንታሕቲ ክኸፍለኩም ኣይክእልን። ብዘይካ'ዚ፡ መሰል ናይ ዕረፍቲ ግዜ ኣለኩም። ኣብ መዓልቲ ክንደይ ሰዓታት ክትሰርሑን ክንደይ ግዜ ዕረፍቲ ትወስዱን'ውን ብሕጊ ዝተወሰነ እዩ። ሓለቓኹም፡ ነዚ ሕግታት እንተዘይእኽቢሩ፡ ኣብ ማሕበር ሰራሕተኛታት ተጠርኒፍኩም ብመንገዲ እቲ ማሕበር ስጉምቲ ክትወስዱ ትኽእሉ።

### ብሕጊ ዝተወሰነ ዝተሓተ ደሞዝ

ኣብ ሰሙን 6 መዓልታት ካብ ሰዓት 8 ናይ ንግሆ ክሳብ ሰዓት 5 ናይ ድሕሪ ቐትሪ ትሰርሑ ንበል። ኣብ መጠረስታ ናይ ነፍስ ወከፍ ሰሙን፡ € 100 ደሞዝ ትወስዱ። እንተኾነ፡ እዚ ትወስድዎ ደሞዝ ካብ'ቲ ዝገበኣኩም ንታሕቲ እዩ ኢልኩም ትጥርጥሩ። እንቶኸነ፡ ነዚ ጉዳይ ምስ ሓለቓኹም ክትዛራረብሉ ትፈርሑ፡ ምኽንያቱ ንዓኹም ኣውጺኡ ንኻልኦት በቲ ደሞዝ ከስርሕ ስለዝኽእል። ኣብ ከምዚ ኩነታት እንታይ ትገብሩ?

ኣብ ኔዘርላንድ፡ ሓደ ሰብ ክወስዶ ዝክእል ዝተሓተ ደሞዝ ብሕጊ ውሱን እዩ። ኣብ ሰሞን 40 ሰዓታት ትሰርሑ እንተኾንኩም ብመሰረት ኣብ ዓመተ 2014 ዝነበረ ሕጊ እንተዋሓደ ኣብ ሰሙን € 342,85 ክትወስዱ ኣለኩም። ኣዚ ገንዘብ ግን ቅድሚ ቀረጽ እዩ። ካብ'ዚ ትወስድዎ ገንዘብ፡ ቀረጽ ክትከፍሉ ኣለኩም።

እንትኾነ፡ ንሰራሕተኛታቶም፡ ካብ'ቲ ብሕጊ ዝተወሰነ ደሞዝ ንታሕቲ ዝኸፍሉ ገለ ኣስራሕቲ ኣለዉ። እዚ ኣገባብ፡ ዘይግቡእ ትሑት ደሞዝ ይበሃል። እንተደኣ ካብ'ቲ ብሕጊ ዝተወሰነ ንታሕቲ ደሞዝ ትረኽቡ ኮንኩም፡ ባዕልኹም ስጉምቲ ክትወስዱ ኣለኩም። እንተደኣ ኣስራሒኹም ነቲ ጉዳይ ባዕሉ ክፈትሖ ፍቓደኛ ዘይኮይኑ፡ ንመርማሪት ሽማግለ ናይ ስራሕ ውሕስነት (ኤስ ዜት ቬ) ጥርዓንኩም ከተቕርቡላ ትኽእሉ።



እዚ ጽሑፍ ብሓልዮት ናይ’ዚ ዝስዕብ ትካል ተዳልዩ:

**ምኒስትሪ ዕዮን ሰብ ኣዊ ድሕነትን**

በትወሳኺ ትሕዝቶ ናይ’ዚ ጽሑፍ በዚ ዝስዕብ ትካል ሃብቲሙ:
**ፕሮ ደሞስ፡ ሃውስ ፎር ደሞክራሲ & ሬኽትስታት**

ሰእሊ: www.mieke-ann.nl
(ኣብ ገጻት, 3, 4, 8, 9 en 10)

ለካቲት 2014 | ቆጽሪ ሕትመት፡ s73-622356